**ንናይ Seattle Environmental Justice ፈንድ ኣመልክቱ**

ናይ Seattle Office of Sustainability & Environment (ቢሮ ሓለዋ ከባቢን ዘላቒ ኣጠቓቕማን) ንናይ Environmental Justice ፈንድ **ክሳብ ጁን 3ኣብዚ ሕጂ እዋን ሓደሽቲ** [መመልከቲታት](#)እናተቐበለ ምዃኑ እንትገልጽ ታሕጓስ ይስምዖ!

Environmental Justice (EJ) ፈንድ ምምሕዳር ከተማ Seattle [ኣጀንዳ ፍትሓውነትን ሓለዋ ከባቢን](#) ኣካል ብምዃን፣ ፍትሓውነት ነባሪ ኣየር ንምምጻእ ብዝሰርሑ ኣብ ማሕበረሰብ-ተኮር ፕሮጀክትታት ኢንቨስት ንምግባር ብ2018 ዓ.ም ተመስሪቱ። EJ ፈንድ ኣብ Seattle ብለውጢ ነባር ኣየር፣ ጽንኩር ፍጻመታት ኩነታት ኣየርን ከባብያዊ ዘይምዕሩይነትን ብመጀመርያን ብዝለዓለ ደረጃን ዝጽለዉ ማሕበረሰባት ንምሕላውን ንምሕያልን ዝተመስረተ ኮይኑ፣ ጸለምቲ፣ ደቀባትን ካልኦት ካብ ጻዕዳ ሕብሪ ቆርበት ወጻኢ ዝኾኑ ህዝብታትን (BIPOC)፣ ስደተኛታት፣ ሓተትቲ ዑቕባ፣ መንእሰያት፣ ኣረጋውያንን ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ነበርትን ሓዊሱ እዩ።

ኣብዚ ዓመት እዚ **ሰለስተ ናይ ፈንድ ኣማራጺታት** ምርካብ ይከኣል፦

- ኣማራጺ 1፦ ካብ $10,000 ክሳብ $40,000 ዘለው ናይ ገንዘብ ድጎማታት የቐርብ
- ኣማራጺ 2፦ ካብ $40,001 ክሳብ $90,000 ዘለው ናይ ገንዘብ ድጎማታት የቐርብ
- ኣማራጺ 3፦ **Duwamish Valley** ውሽጢ ንዝነብሩ ማሕበረሰባት ንዝምርሑን ናይ'ዚ ከባቢ ማሕበረሰብ ንዝጠቕሙ ፕሮጀክትታት ካብ $10,000 ክሳብ $90,000 ዘለው ናይ ገንዘብ ድጎማታት የቐርብ

ዓሌታውያንን ዓሌታውያን ትካላትን፣ ግብረ ሰናይ ትካላት፣ ከምኡ'ውን ማሕበረሰባውን ኣብቲ ከባቢ ንዝንቀሳቐሱ ጉጅለታትን ነቲ ፈንድ (ከመልከቱ) ብቑዓት እዮም። እቶም መራሕትን ተጠቀምትን ናይ'ቶም ፕሮጀክታት ኣብ ልዕሊ ከባቢ ኣየር ዝፍጠር ጸገማት ዝለዓለ ስግኣት ዘለዎም ማሕበረሰባት ክኾኑ ትጽቢት ይግበረሎም። ብቑዓት ዝበሃሉ ፕሮጀክትታት እዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፦

- ፕሮጀክትታት ሥነ ጥበብን ትረኻን
- ንሕብረተሰብ ንቕሓት ዘዕቢ ትምህርቲ
- ትካላውን ማሕበረሰባውን ምህናጽ ዓቕሚ
- ለውጢ ነባሪ ኣየር ናይ ምልማድን ምክልኻልን ዓቕሚ ምህናጽ
- ህንጸት ትልምን ራእይን ሕብረተሰብ፣
- ምስ ሓምለዋይ ስራሕ ዝተኣሳሰሩ ንከባቢ ዝጠቕሙ ስራሕቲ ምምዕባል ክእለትን ስልጠናን

*ብዛዕባ እቲ ፈንድ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ ዞርያ ፕሮጀክት ሓሳብ ክትዘራረቡ፣ ወይ ፕሮፖዛል ከተቕርቡ ምስ እትደልዩ፣ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ክትክተሉ ነተባብዕ፦*

- **ቅድሚ** መመልከቲ ምእታዎም ናይ ቴክኒክ ሓጋዚ የማኽሩ። እዚ ኣገልግሎት እዚ ብነጻ ዝቐረበ እንትኾን፣ [እዚ ቅጥዒ እዚ](#) ቅድሚ ሜይ 15 ብምምላእ ኣገልግሎት ምርካብ ይከኣል።
- ኣብቲ ቨርቹዋል ሓበሬታ ክፍለ ግዜ ተጸንበሩ፦
    - ዓርቢ፣ ኤፕሪል 11፣ ካብ 12 - 1:15ፒ.ኤም

- ኣብ Zoom ንዝካየድ ናይ መጀመርያ ክፍለ ጊዜ ተመዝገቡ

o ሶኑይ፣ ኤፕሪል 28፣ ካብ 6 - 7:15ፒ.ኤም

- ኣብ Zoom ንዝካየድ ኻልኣይ ክፍለ ጊዜ ተመዝገቡ

ነቲ ናይ ሓበሬታ ክፍለ ግዜ ኣገልግሎት ተርጓሚ ወይ ካልእ መንበሪ ንምሕታት፣ በጃኹም ናብ equityenviro@seattle.gov እንተወሓደ ሓደ ሰሙን ቅድም ኢልኩም እቲ ክትሳተፍዎ ዝሓሰብኩም ናይ ሓበሬታ ክፍለ ግዜ ብኢሜይል ጽሓፉ። ብተወሳኺ ድማ ንሕቶታትኩም መልሲ ንምርካብ ብኢሜይል ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም።